ኮሌጅ ቴክኒክን ሞያን ኣክሱም ኣብ በጀት ዓመት 2011ዓ/ም ንአገልግሎት ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዝተፈላላዩ ቐወምትን ሃለቅትን መሳርሒ ፅሕፈት፣ መሳርሒ ህንፃ፣ ኣቑሑት ኤሌክትሪክ፣ ኣቑሑት ኤሌክትሮኒክስ፣ ኣቑሑት ጨርቃ መርቂ ፣ኣቑሑት ፅሬት፣ መለዋወጢ ኣቑሑት ተሽከርከርቲ ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ።ስለዚ ነዞም ዝስዕቡ ረቋሕታት እተማልኡ ነጋዶ ንክትወዳደሩ ንዕድም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ ሚያዝያ 14, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጉንበት 7, 2011 3:00 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:በቢሎቱ ዝተፈላለየ
- ቦታ:ኣክሱም
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጉንበት 7, 2011 3:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ህንፃ መሳርሒ/ መለዋወጢ ኣቁሑት ተሽከርከርቲ/ ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ኤሌክትሪካልን መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/ ጨርቃ መርቂን ኣልባሳትን/

1 ሕጋዊ ፍቃድ ንግዲ ዘለኩምን በቢዘፈር ንግዲ ናይ 2011 ዓ/ም በጀት ዓመት ግብሪ ዝኸፈሉን መለለይ ቁፅሪ ተመዝጋቢነት ዘለዎም፤

2 እዚ ጨረታ ካብ ዝተጋወሐሉ ዕለት ጀሚሩ ካብ ኮሌጅ ቴክኒክን ሞያን ኣክሱም ደ/ከ/ስ/ዕ/ፋ/ን/ምም/ር ቢሮ ቁፅሪ 5[†] ኣብ ስራሕ ሰዓት ዘይምለስ 50.00 ቅርሺ እናኸፈሉ ሰነድ ጨረታ ምውሳድ ይከኣል።

3 ኣብ ተወሳኺ እሴት ታክስ ተመዝገብቲ ዝኾኑን ናይ ወርሒ መጋቢት ሒሳብ ዘወራረድሉ መረዳእታ ከቅርቡ ዝኽእሉ፤

4 ናይ ጨረታ መኽበሪ ቢድ ቦንድ ኣቑሑት መሳርሒ ህንፃ(5000.00) ቅርሺ ፣ኣቑሑት ኤሌክትሪክ፣ኣቑሑት ኤለክትሮኒክስ፣ ኣቑሑት ጨርቃ ጨርቂ ፣ኣቑሑት መሳርሒ ፅሬት፣ መለዋወጢ ኣቑሑት ተሽከርከርቲ መሳርሒ ፅሕፈትን ድማ 3000.00 ቅርሺ ብጥረ ገንዘብ ወይ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ሲፒኦ ከቅርብ ዝኽእል

5 ሰነድ ጨረታ ክሳብ 07/09/2011ዓ/ም ሰዓት 3:00 ናብ ዝተዳለወ ናይ ጨረታ ሳንዱቅ ዋናን ቅዳሕን ብዝተዓሸገ ፖስታ ኣብ ነብሲ ወከፍ ገፅ ናይ በዓል ዋና ማህተምን ፊርማን ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ ኣታዊ ይግበር።

6 በቲ ዝተጠቀሰ ዕለት ልክዕ ሰዓት 3:00 ምስኾነ ተዓፅዩ ብተመሳሳሊ ዕለት 3:30 ተጫረቲ ወይ ድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረኸብሉ ይኽፈት።

7 ተጫራታይ ካብቲ ዝተጠቀሰ ዕለት ሰዓትን እንተዘይተረኺቦም እቲ ጨረታ ንምኽፋት ኣይተኣጎገልን።

8 እቲ ጨረታ ኣብ ኣየር ዝፀንሓሉ ግዜ ን15 ተኸታተልቲ መዓልቲታት ይኸውን።

9 እቲ ጨረታ ሰዓርቲ ምኽንኩም ምስተገለፀ ኣብ ውሽጢ 3 ተኸታተልቲ መዓልቲታት ቅሬታ ምቅራብ ይከኣል።

10 ኣብ ተኸታተልቲ 10 መዓልቲታት ብናይ ባዕሎም መጓዓዝያ ናብ ኮሌጅ ቴክኒክን ሞያን ኣክሱም ጠቕሊሎም ኣታዊ ክገብሩ ኣለዎም።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

11 ኮሌጅና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ እቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ንተወሳኪ ሓበሬታ ብስ.ቁ 0347-753134 ምሕታት ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle